Minnen från olika tider finns gömda i stadens byggnader, gator och torg.
De kan väckas till liv igen genom berättelser, vandringar och möten.
Det du håller i din hand är en introduktion till Göteborgs historia.
Här finns en karta med stopp på betydelsefulla platser, och en tidslinje över Göteborgs historia.

Välkommen att följa med på vandringen!

ተዘክሮታት ናይ ዝተፈላሉ መዋእላት፡ ኣብ ናይዛ ከተማ ህንጻታት፡ ጎደናታትን ሜዳታትን እዮም ተሓቢኦም ዘለዉ።
ብምዝንታዉ፡ እግሪ ጉዕዞን ኣኼባታትን ድማ ከነባራብሮም ንኽእል።
እዚ ኣብ ኢድካ ሒዝካዮ ዘለኻ፡ መላለዪ ታሪኽ ከተማ ዮተቦሪ እዩ።
ኣብዚ ጠጠዉ ኢልካ ከተስተማቕሮ ዘለካ፡ ናይ ማእከል ከተማ፡ ስእላዊ
መግለጺን ታሪኻት ዮተቦሪ ብግዜ መስመርን ኣለዉ።

ምሳና ንምጉዓዝ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ!

4 2021 0 GÖTEBORG 1621–2021

GÖTEBORGS STADSMUSEUM

Göteborgs Stad

# TIDSLINJE – GÖTEBORGS HISTORIA I KORTFORMAT

# ናይ ግዜ መስመር – ናይ ዮተቦሪ ታሪኽ ብሓጺሩ



Bild: Hector Loffman, 1669

## TIDEN INNAN GÖTEBORG

Bohuslän tillhör Norge. Halland tillhör Danmark. Göta älv är Sveriges väg västerut i Europa för varor och krigsskepp. Älven behöver skyddas av en borg.

## ቅድሚ ዮተቦሪ ዝነበረ ግዜ

ኣዉራጃ ቦሁስ ናይ ኖርወይ ኢያ ነይራ።
ኣዉራጃ ሃላንድ ድማ ናይ ዴንማርክ።
ፈለግ ዮታ፡ መንገዲ ሽወደን ንምዕራብ ገጹ ናብ ኤዉሮጳ ንብረትን ናይ ኲናት መራኽብን ቀንዲ መስመር ነበረ።
ሩባ ንምክልኻል ድፋዓት የድሊ ነይሩ።

## 1600-TAL

Göteborg grundas 1621. Sverige tar hjälp av Holland för att bygga på den leriga marken. Det blir snabbt en befolkad stad med kanaler, trähus, kyrkor och höga befästningsmurar.

## መዋእል 1600

ዮተቦሪ 1621 ዓመተ ምህረተ ተመስረተት።
ሽወደን ነቲ ጭቃ ዝዓብለሎ መሬታ ንምህናጽ፡ ካብ ሆላንድ ሓገዝ ረኺባ።
ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ከተማ፡ ብህዝቢ፡ መስመራት ማይ፡ ናይ ዕንጨይቲ ኣባይቲ፡ ቤተ ክርስትያናትን በረኽቲ ናይ መከላኸሊ መናድቕን ዕብየት ኣርኣየ።


Bild: Elias Martin, Carlsporten, 1787

## 1700-TAL

Göteborg är en militärstad och handelsstad. Skepp kommer och far, några åker ända till Kina. Engelska och franska hörs på gatorna. Men en stad byggd av trä är sårbar. Staden brinner gång på gång!

## መዋእል 1700

ዮተቦሪ ወተሃደራዊትን ናይ ዕዳጋታትን ከተማ እያ። መራኽብ ይመጻን ይኸዳን፡ ገሊኤን ድማ፡ ክሳብ ናብ ቻይና ይጎዓዛ። ቋንቋታት እንግሊዝን ፈረንሳን ኣብ ጎደናታት ይስምዑ። ኮይኑ ግን፡ ብዕንጨይቲ ዝተሃነጸ ከተማ፡ ተነቃፊ እዩ። ብተደጋጋሚ ከተማ ትቃጸል።


Bild: Bazarbron, 1901

## 1800-TAL

Staden behöver växa. Murarna runt staden rivs. Fabriker byggs och fler människor flyttar hit. Göteborg får järnväg, vattenledningar, sjukhus, bibliotek, universitet och sin första spårvagnslinje.

## መዋእል 1800

ከተማ ክትዓቢ ነይርዋ። ኣኽቢቦማ ዝነበሩ መናድቕ ይፈርሱ። ፋብሪካታት ይትከልን ብዙሓት ህዝቢ ናብዚ ይግዕዙን።
ዮተቦሪ፡ መንገዲ ባቡረ፡ ካናለታት ማይ፡ ሆስፒታል፡ ቤት ንባብ፡ ዩኒቨርሲቲን ቀዳመይቲ መስመር ባቡር ከተማን ይህነጻላ።


Bild: Guldheden, 1952

## 1900-TAL

Göteborg är en arbetarstad. Stora industrier tillverkar fartyg, bilar, elektronik och mediciner. Staden växer kraftigt. Nya förorter byggs. Äldre delar rivs eller rustas upp. Människor från hela världen kommer till staden vid havet.

## መዋእል 1900

ዮተቦሪ ናይ ሰራሕተኛታት ከተማ እያ። ዓበይቲ ፋብሪካታት፡ መራኽብ፡ መካይን፡ ኤለክትሮኒክን መድሃኒታትን ይሃንጻን ይሰርሓን። ከተማ ብናህሪ ትዓቢ። ሓደሽቲ ገዛዉቲ ኣብ ከባቢኣ ይስርሑ። ዝኣረጉ ክፋላት ይፈርሱን ይሕደሱን። ሰባት ካብ ሙሉእ ዓለም ናብዛ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘላ ከተማ ይመጹ።


Bild: Seroj Ghazarian, Hammarkullekarnevalen 2014

## 2000-TAL

Göteborg är en segregerad stad, en evenemangsstad och kunskapsstad. Hamnen är störst i Norden men varvseran är över. På gammal industrimark byggs nya stadsdelar. Staden fortsätter att förändras.

## መዋእል 2000

ዮተቦሪ፡ ሕብረተ ሰባት ተነጺሎም ዝነብሩላ ከተማ፡ ሓንቲ ናይ ንጥፈታት ከተማን ናይ ፍልጠትን ከተማ። ወደባታ፡ ናይ ሰሜን ኤዉሮጳ ዝዓበየ እዩ። ናይ ምስራሕ መራኽብ ታሪኻ ግን፡ ነበረ ኮይኑ።
ኣብቲ ናይ ቀደም ናይ ፋብሪካታት መሬት፡ ሓደሽቲ ኣባይቲ ይህነጹ። ከተማ ናይ ምቕያር መስርሓ ይቕጽል።



TIGRINJA / ትግርኛ

# WALK WITH ME

## HEJ GÖTEBORG – STADSVANDRING PÅ SVENSKA OCH TIGRINJA

## ሰላም ዮተቦሪ – ናይ ከተማ እግሪ ጉዕዞ

# HÄNG MED PÅ VÅR STADSVANDRING I CENTRALA GÖTEBORG!

## ናብ ዑደት እግሪ ጉዕዞና ኣብ ማእከል ከተማ ዮተቦሪ፡ ምስና ሰዓቡ!



### 1. MAKTENS CENTRUM

Vi börjar vandringen på Gustav Adolfs torg. En gång hette det Stora torget och var en plats för marknader. Intill torget ligger Stora Hamnkanalen. Där kom varor in till Göteborg under lång tid. På torget står en staty av Gustav Adolf, den kung som grundade Göteborg år 1621. Idag har Göteborgs politiker sina kontor runt torget. Här hålls även demonstrationer och manifestationer.

### 1. ናይ ስልጣን ማእከል

ናይ እግሪ ጉዕዞና፡ ብሜዳ ጉስታቭ ኣዶልፍ ኢና እንጅምሮ። ሓደ እዋን፡ ዓቢ ሜዳ ተባሂሩ ይጽዋዕ ነበረን፡ ናይ ዕዳጋ ቦታ ኸኣ ነበረ። ኣብ ጥቓ'ቲ ሜዳ፡ ዓቢ መትረብ ናይ ወደብ ይርከብ። ንነዊሕ ዓመታት ድማ፡ ንብረት ብኡ ኣቢሉ ናብ ከተማ ዮተቦሪ ይኣቱ ነበረ። ኣብ'ቲ ሜዳ፡ ናይ ጉስታቭ ኣዶልፍ እቲ ንከተማ ዮተቦሪ ብ1621 ዓ.ም. ዝመስረተ ንጉስ ሓወልቲ ተተኺሉ ይርከብ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ ከተማ ዮተቦሪ ፖለቲከኛታት ኣብ ከባቢ ናይዚ ሜዳ'ዚ ቤት ጽሕፈታቶ ኣለዎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ጎልጎል'ዚ እዩ፡ ሰላማዊ ሰልፍታትን ኣድማታትን ዝካየድ።



### 2. KRONHUSET OCH EMIGRANTERNA

Kronhuset är ett av Göteborgs äldsta hus och är från mitten av 1600-talet. Från början var det ett förråd för den svenska militären. Kvarteren här är även viktiga för historien om den svenska emigrationen. Åren 1840–1930 flyttade 1,3 miljoner svenskar till Amerika. Många passerade här, på väg från tågstationen ner till skeppen.

### 2. ህንጻ ክሮንን ታሪኽ ስደትን

ህንጻ ክሮን፡ ካብቶም ጥንታዊያን ህንጻታት ሓንቲ ኮይና ኣብ ማእከላይ ዘመነ 1600 ከኣ ተሃንጸት። ኣብ'ቲ መጀመርያ ከም መኻዚኖ ናይ ወተሃደራት ሽወደን ኮይና ተገልግል ነበረት። እዚ ከባቢ'ዚ ካልእ ኣገዳሲ ታሪኽ ምስዳድ ናይ ሽወደናዉያን ኣለዎ። ኣብ መንጎ 1840 – 1930 ዓመተ ምህረት፡ 1.3 ሚልዮን ሽወደናዉያን ናብ ኣመሪካ ተሰዲዶም። ብዙሓት ካብኣቶም ድማ በዚ ካብ ማእከል መዕረፊ ባቡራት ናብ መራኽብ በዚ እዮም ሓሊፎም።



### 3. GÖTEBORGS STADSMUSEUM I OSTINDISKA HUSET

Ostindiska huset byggdes på 1700-talet. Då användes det som kontor och magasin för Ostindiska kompaniet. Kompaniet handlade med Indien och Kina. Idag finns Göteborgs stadsmuseum i huset. Museet har utställningar om Göteborgs historia, men berättar även om Göteborg idag.

### 3. ናይ ከተማ ዮተቦሪ ቤተ መዘክር፡ ኣብ ህንጻ ኦስት ኢንዲስካ

ህንጻ ኦስት ኢንዲስካ፡ ኣብ ዘመነ 1700 እዩ ተሃኒጹ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከም መሓዚኖን ቤት ጽሕፈትን ናይ ቦጦሎኒ ኦስት ኢንድየን ኮይኑ የገልግል ነበረ። እዛ ቢጦሎኒ ድማ፡ ምስ ህንዲን ቻይናን ዕዳጋ ትለዋወጥ ነበረት። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ናይ ከተማ ዮተቦሪ ቤት መዘክር ኣብ'ዚ ህንጻ'ዚ ይርከብ። እዚ ቤት መዘክር'ዚ ትሕዝትኡ፡ ታሪኽ ከተማ ዮተቦሪ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ሓድሽ ታሪኽ ዮተበሪ'ዉን ትሕዝቶ ኣለዎ።



### 4. DOMKYRKAN OCH KUNGSGATAN

Göteborgs domkyrka är från 1800-talet. På samma plats låg även stadens första kyrka. Den var av trä och byggdes på 1600-talet. Bredvid kyrkan går Kungsgatan – Göteborgs gamla huvudgata.

### 4. ዶም ሸርካንን ኩንግስ ጋታንን

ናይ ዮተቦሪ ዱም ሸርካን ኣብ ዘበነ 1800 እዩ ተሃኒጹ። ልክዕ ኣብዛ ቦታ እዚኣ፡ ናይ'ዛ ከተማ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ተሃኒጻ ነይራ። ንሳ፡ ብዕንጨይቲ ዝተሃንጸት ኮይና ኣብ ዘበነ 1600 ድማ ተሃንጸት። ብጎድኒ እዛ ቤተ ክርስትያን ድማ ጎደና ንጉስ (ኩንግስ ጋታን) ናይ ዮተቦሪ ናይ ቀደም ዝዓበየ ጎደና ይሓልፍ።



### 5. PEDAGOGEN

Huset som kallas Pedagogen byggdes en gång som sjukhus. Idag utbildas studenter som ska bli lärare här. Pedagogen är en del av universitetet, som ligger spritt över staden. Hvitfeldtsplatsen har sitt namn efter Margareta Hvitfeldt. Hon var en förmögen kvinna som skänkte bort allt hon ägde, för att göra det möjligt för fler barn att gå i skolan.

### 5. ፐዳጎገን

ተዳጎገን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ህንጻ፡ ሓደ እዋን፡ ከም ሆስፒታል ከገልግል'ዩ ተሃኒጹ። ሎሚ ኣብ'ዚ ህንጻ'ዚ መምህራን ንክኾኑ ዝደለዩ ተመሃሮ ንምስልጣን የገልግል። ፐዳጎገን፡ ሓደ ኣካል ናይ ዩኒቨርሲቲ ኮይኑ፡ ዩኒቨርሲቲ ኣብዛ ከተማ ኣብ በበይኑ ፋሕ ኢሎም ዝርከቡ ህንጻታት ኣለዉዎ። ቦታ ቪተፈልት፡ ሽሙ ካብ ማርገረታ ቪተፈልት እዩ ተወሲዱ። ንሳ ብጣዕሚ ሃብታም ዝነበረት ሰበይቲ ኮይና፡ ሃብታ ብሙሉኡ ንብዙሓት ቆልዑ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንክረኽቡ ዘዉረሰት ሰበይቲ እያ።




### 6. ሮሰንሉንድን ቫልግራቨንን

ቀደም፡ ከተማ ዮተቦሪ ብመንደቕ ተኸቢባ'ያ ዝነበረት። ኣብ መጀመርያ ዘበነ 1800፡ እቲ መንደቕ ምስ ፈረሰ፡ ኣብቲ መንደቕ ዝነበሮ ዕዳጋታት፡ ኣባይቲን መናፈሲታትን ተሃንጹ። ኣብዚ ኣብ ጥቓ ቫልግራቨን ሓደ ናይ ዓሳታት ዕዳጋ ተሃንጸ፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ ፌስከ ሸርካን ዝበሃል ቦታ ዓሳ ክትገዝእ ይከኣል እዩ። እታ ቦታ ከምዚ ተባሂላ እትጽዋዓሉ ምኽንያት ድማ፡ እታ ህንጻ ናይ ማእከላይ ዘበን ቤተ ክርስትያን ስለ እትመስል እዩ።



### 6. ROSENLUND OCH VALLGRAVEN

Runt Göteborg fanns från början höga murar. När murarna revs under 1800-talet byggdes torg, hus och parker där murarna varit. Här vid vallgraven byggdes ett torg för handel med fisk, och ännu idag går det att köpa fisk i Feskekörka. Huset kallas så för att det liknar en medeltida kyrka.

### 7. ባህላዊ መራኸቢታት

ሕጂ ኣብ ብዙሕ ባህሊ ዘለዎ ዞና ኢን ንዛወር ዘለና። ኣብ ቦታ ኤስፐራንቶ፡ ትያትርን ናይ ቋንቋ እንዳቡንን ኣሎ። ኣብ ላገርሁሰት ድማ፡ ባህሊ ንመንእሰያት፡ ከም ህንጻ ስነ ጽሑፍን ንጥፈታት ንናይ ባህሊ ሰራሕተኛታትን ይካየድ። ኣብ ሲነማ ድራከን፡ ዓመታዊ ፈስቲቫል ፊልማት ይካየድን ፊልምታት ካብ ሙሉእ ዓለም ይረኣየሉን።

### 7. KULTURMÖTEN

Nu rör vi oss i kvarter med mycket kultur. Vid Esperantoplatsen finns teater och ett språkkafé. I Lagerhuset finns ett kulturhus för unga, ett litteraturhus, och verksamheter för kulturarbetare. På biografen Draken är det filmfestival varje år, där det visas film från hela världen.



### 8. ዞባ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት

የርንቶርየት፡ ናይ ቀደም ናይ ሰራሕተኛታት ምንቅስቓስ ማእከል ናይ ዮተቦሪ እያ። ኦሎፍ ፓልመስ ፕላትሰን፡ ሽማ ካብ ናይ ሰልፊ ሶሻል ዲሞክራት ዝኾነሞ ንሽወደን ከም ስታትስሚኒስተር ኮይኑ ዘመሓድር ዝነበረ'ያ ሽሙ ወሪሳቶ። ኣብ ጥቓ'ቲ ሜዳ ድማ፡ ፎልከትስ ሁስ (ህዝባዊ ህንጻ)'ን ናይ ሰራሕተኛታት መሰልጠኒ ማሕበርን ኣሎ። የርንቶርየት ሽማ፡ ኣብዚ ናይ ሓጺን ሚዛን ስለ ዝነበረትያ ሽማ ተጠሚቓ። ኣብታ ሚዛን ድማ፡ ኩሉ ካብ ሃገር ሽወደን ናብ ዓለም ዝኸይድ ዝነበረ ሓጺን ይምዘነላ ነበረ።



### 8. ARBETARRÖRELSENS KVARTER

Järntorget är arbetarrörelsens gamla centrum i Göteborg. Olof Palmes plats är döpt efter en socialdemokratisk statsminister. Vid torget ligger Folkets hus från mitten av 1900-talet och Arbetarnas bildningsförbund. Järntorget har sitt namn efter att här fanns en järnvåg. På den vägdes allt svenskt järn som skulle skeppas ut i världen.

### 9. ክፍለ ከተማ ሃጋ - ናይ ዮተቦሪ ቀዳመይቲ ክፍለ ከተማ

ሃጋ፡ እታ ወጻኢ ካብ ናይ ከተማ ዮተቦሪ ኣኽቢቡዋ ዝነበረ መንደቕ ወጻኢ፡ ድሮ ኣብ ዘበነ 1600 ዝተሃንጸት ናይ መጀመርያ ክፍለ ከተማ እያ። ኣብ ሃጋ "ላንድስሆቭዲንግሁስ" (ህንጻ ምስሌነ) ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ልሙድ ኣተሃናንጻ ናይ ከተማ ዮተቦሪ ዝኾነ ህንጻታት ኣለዋ። ኣብ ዘመነ 1900 እዞም ህንጻታት ዘይምዕቡላትን ኣረጊም ስለ ዝነበሩን ክፈርሱ ተሓሲቡ ነይሩ። ኮይኑ ግን ተቐማጦ ከተማ ዮተቦሪ ሃጋ ንኸይፈርስን ከዕቀብን ተቓዉሞኦም ኣርኣዩ።

### 9. STADSDELEN HAGA – GÖTEBORGS FÖRSTA FÖRORT

Haga var den första stadsdel som byggdes utanför Göteborgs murar, redan på 1600-talet. I Haga finns "landshövdingehus", typiska för Göteborg. På 1900-talet skulle husen rivas. De var för gamla och för omoderna. Då protesterade göteborgarna, för att Haga skulle få finnas kvar.



### 10. ስካንሰን ክሮናን - መማዕደዊ ንሙሉእ ከተማ!

ካብ ስካንሰን ክሮና፡ ንከተማ ዮተቦሪ ከነማዕዱ ንኽእል። ስካንሰን፡ ንምክልኻል ከተማ ዝተሃንጸ ግምቢ እዩ። ተረፍ ናይ ቀደም ታሪኽ ዮተቦሪ፡ ሓንቲ ካብተን ሓያል መከላኸሊ ዝነበረን ከተማታት ኤዉሮጳ እንከላ ድማ እዩ። ክሳብ ሕጂ ድማ ናይ መዳፍዕ መቐልቀሊ ኣብቲ ናይ መናድቕ ድፋዓት ይርከብ። ሽም ናይዚ ግምቢ ድማ ኣብ ዘዉዲ ናይ ንጉስ ኣብቲ ናሕሲ ተጻሒፉ ይርከብ። ኣብ ኦልስክሩከን ድማ ሓንቲ ካልኣይቲ ግምቢ ኣምበሳ ስካንሰን ተባሂላ እትጽዋዕ ኣላ።



### 10. SKANSEN KRONAN – UTSIKT ÖVER STADEN

Från Skansen Kronan har vi utsikt över Göteborg. Skansen är ett torn som skulle försvara staden. Det är kvar från den tiden då Göteborg var en av de starkast befästa städerna i Europa. Det finns fortfarande gluggar för kanoner i murarna. Sitt namn har den av kungakronan på taket. I Olskroken ligger en skans till som kallas Skansen Lejonet.

# GÖTEBORG BERÄTTAR

Göteborg fyller 400 år. 400 år av mångkultur och influenser från hela världen. Inför jubileet frågade staden om göteborgarnas idéer. Många ville då lyfta fram stadens historia och berättelserna om Göteborg. Med detta som utgångspunkt startade projektet Göteborg berättar.

I projektet vill vi dela kunskap och berättelser med varandra om den plats vi bor på. *Walk with me* är en del av detta projekt. Denna stadsvandring är därför den första i en serie stadsvandringar som kommer att lyfta fram olika perspektiv på Göteborg under åren som kommer.

*För att läsa mer om Göteborgs jubileum:* ***www.goteborg2021.com***
*Göteborgs stadsmuseum:* ***www.goteborgsstadsmuseum.se***
*Stadsvandringen är framtagen i samarbete med Social resursförvaltning:* ***www.goteborg.se/integrationscentrum, www.socialhallbarhet.se***

# ዮተቦሪ ተዘንቱ

ዮተቦሪ 400 ዓመት ክትመልእ እያ። 400 ዓመት ናይ ሕብረ ባህልታት ምስናይ ካብ መላዕ ዓለም ጽልዋታቱን። ኣብ ቅድመ ምቅርራብ ጽንብል ኢዮበልዩ፡ ምምሕዳር ከተማ ዮተቦሪ ንነበርታ ርእይቶታት ክልግሱ ሓቲታ።
ብዙሓት ካብ ነበርታ ድማ፡ ታሪኽ ከተማ ዮተቦሪ ክዝንቶ ተላብዮም። ነዚ መበገሲ ብምግባር ድማ፡ ፕሮጀክት ዮተቦሪ ተዘንቱ ተጀመረ።

ኣብዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ ብዛዕባ እንነብረሉ ቦታታት ንዘይፈልጡ ኣፍልጦና ንኻልኦት ከነካፍል ንደሊ። ምሳይ ተጎዓዝ Walk with me ድማ ሓደ ኣካል ናይዚ'ዩ።
እዚ ናይ ከተማ እግሪ ጉዕዞ'ዚ፡ ቀዳማይ ናይ ከተማ ጉዕዞ እግሪ ኮይኑ፡ ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ንናይ ዮተቦሪ ዝተፈላለዩ ገጻት ጸብለል ኣቢሉ ከልዕል እዩ።

ንዝያዳ ንባብ ብዛዕባ ናይ ዮተቦሪ ዩበልዮም፡ www.goteborg2021.com ርአ።
ቤተ መዘክር ዮተቦሪ ፡ www.goteborgsstadsmuseum.se
ናይ ከተማ ጉዕዞ፡ ምስ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ብምትሕብባር'ዩ ተዳልዩ።
www.socialhallbarhet.se
www.goteborg.se/integrationscentrum